E.U. HFERU BWSANIKUM ኤውሮጳዊ ሕብረት ሕፈሩ ብውሳኔኹም 26.03.2021

ኤውሮጳዊ ሕብረት ሕፈሩ ብውሳኔኹም
ንከዳሚ ወያኔ ከተድሕኑ ሓሲርኩም ንባዕልኹም
ብሓሶትን ሸፈጥን ጎዲሉ ሚዛንኩም።
ኣይረሳዕናዮን እኮ ናይ ትማሊ ሕማቕ ታሪኽኩም
ዓቕሊ ኢና ጌርና እምበር፣ ክትእረሙ ካብ ጌጋኹም
, ኤርትራ ነዛ ሕማቕ ኣብነት ትብልዋ
, ክንደይ ዘይጸዓርኩም ወያነ ክቖጻጸርዋ
, ካብ ካርታ ዓለም ክትሓክዋ
, ኣላሸ ኢላ ተንበርኪኻ ክትርእይዋ
ትሕለቑ እንተ ኔርኩም ንመሰል ደቂሰባት
ኣበይ ድኣ ኔርኩም ቅድሚ 80 ዓመት
ሰብ ጉዳይ ክነስና፣ ኣብ መሬትና ክገብሩና ጉዋኖት
ብበዓል ፎስተር ዳላስ ክንሕረም ነጻነት
, ኣበይ ድኣ ኔርኩም እንግሊዝ ከዕኑ ንብረትና
, ሃይለስላሴ መንነትና ሓኺኹ ኢትዮጵያውያን ኢኹም ክብለና።
, ኣበይ ድኣ ኔርኩም ደርጊ መርዚ ጋዝ ክፍንወልና
, ኣብ ሽዕብ ብታንኪ ክረግጻ ኣዴታትና
, ባጽዕ ምስ ቀበጸ ብነፈርቱ ከህልቑና
ኣበይ ድኣ ኔርኩም ብወየንቲ ሃገርና ክትውረር
ብሰንኪ ሕብሪ ዓይኑ ህዝብና ክባረር
ኣበይ ድኣ ኔርኩም ፍርዲ ዴንሃግ ክጠሓስ
20 ዓመት ዶባትና ክገሃስ
ኣበይ ድኣ ኔርኩም ሚሳይል ናብ ኤርትራ ክትኮስ
ህዝቢ ማይ ካድራ ብሳምረ ክድምሰስ
, ምስጢሩ ተጋሂዱ ሎሚ እንታይ ከም ዝኣለምኩምልና
, ኣይ ሰላም ኣይ ውግእ ዝገበርኩሞ ዞባና
, ንምጽናትናዩ ኔሩ ንዓመታት ዝኣገድኩምና
, ብምልዮናት እናኸፈልኩም ዓሰቢ ክድምና

ብሓቂ ድያ ኤርትራ ኣርዒዳትኩም ?
ወይስ ከም ራሻ ቻይና ሕማም ርእሲ ኮይናትኩም ?
ግድን ድዩ ኔሩኸ ንጁታ ክትብሉ
ክሳብ ክንድዚ ታሕቲ ክትወርድሉ ?

ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ውሽጥን ወጻኢን ዘለና
ሓለፍትና፣ ሚኒስተራትና፣ መራሕትና
ሃገራዊ ድሕነትና፣ ምክልኻል ሰራዊትና
ሓይልታት ባሕሪ ምስ ኣየርና
ንኽብሪ ዶብና ባንዴራና መንነትና
ኩልና ኣምበሳደራት ሃገርና ኢና
,                    ብስም እገዳ ንሓቂ እንተሓባእኩም
,                    ተረባሪብና ኢና ከነቃልዖ ንሓሶትኩም
,                    ኣንጻር ምኽኑይ ማዕቀብኩም
,                    ኣርኢናኩም ኢና መልሲ ንዓሎቕኩም
ጀነብ ኒውዮርክ ከተማታት ዓለምና
ክናወጻ ብሰላማዊ ሰልፍና
ሎሚ ውን እኮ ኣይ ምስ ደቀስናን ኔርና
እንታይሞ ኮቪድ እንደሞ ዘርይና
ክሳብ ማባይልኩም ዝረስና
ብትዊተር ጥራይ ኮይኑ መልስና
,                    ካብ ድቃስኩም ተበራበሩ ሰብ ክራባታ
,                    ኣብቂዒዩ ተወዲኡ ጸወታ
,                    ኣይምለስን እዩ ሎሚ ናብ 4 ኪሎ ጁንታ
,                    ጠፊኡ እዩ ኣብ ጎቦታት እንድርታ
ክትፈልጡ ሕጂ ውን ኣይንጸዓድን ኣይንምርከኽን ኢና
እገዳኹም ከተልዕሉ ሓጻርያ መልእኽትና
ኣኽብሩ መሰል ህዝብታትና
ተኺኢልኩም ተዋሰኡ ኣብ ሰላም ዞባና

ዓወት ንሓፋሽ !!!                                        ተስፋይ ወልደጊዮርጊስ